# መልእኽቲ ናብ ማሕበር ፓስቶርን ሎዲቅያ
## ራእይ 3፡14-22

ትእምርቲ፡ ናይ ዘበን ማሕበር "ኣቦይ ፍቓዱ ባዕሎም ዝንኣዱ"፡ ግናኸ "ጡፍ" ዝብሃሉ ዕግርግር ዘምጽኡ ክርስትያናት ብሚዛን የሱስ ክርስቶስ እዮም።

መዋእል ቤተክርስትያን፡ 1950 - ክሳዕ ዕርገት ኣመንቲ።

### 1. ከተማ ሎዲቅያን ማሕበር ሎዲቅያን

ከተማ ሎደቅያ፡ 40 ማይልስ (64 ኪ.ሜ.) ብምብራቕ ከተማ ኢፌሶን እትርከብ፡ ሃብታም፡ ናይ ባንክ፡ ናይ ሕክምና ከተማ፡ ብፍላይ ድማ ሕክምና ዓይኒ፡ በብዓይነቱ መዘናግዒታት ናይ ትያትራትን ስፖርትን ዝነበራ ዓባ ከተማ ነይራ።

ሎዲቂያውያን ድማ መን ከማና ብሃልቲ፡ ብማእከላይ መርገጸም ሕቡናት ዝነበሩ ህዝቢ እዮም ነይሮም። ኣብ ሎዲቅያ ክርስትያን ከም ክርስቶስ ዝፈትዎ፡ መስቀሉ ዘልዓለ ምኽንን ከም ዓሻ፡ ከም ድሑር ዝቖጸረሉ እዩ ነይሩ። ሎዲቅያ ትእምርቲ ናይ ንየሱስ ክርስቶስ ደገ ጽናሕ ኢሎም ብመገዶም ክርስትያናት ምኽንን ዝፈተኑ እዮም። እዚ ንየሱስ ክርስቶስ ቅጭ ዘምጽኣሉ ዓይነት ክርስትና እዩ። (ራእይ 3፡20)። ይስተር ድማ የብል!

ወንጌል ፈለማ ኣብ ሎዲቅያ እተበሰረ ብ 48-51 ድ.ል.ክ. ብኤፈሶን ኣቢሉ (ግብ 19፡10)፡ ምናልባሽ'ውን ብኤጳፍራስ (ቆሎሴ 4፡12-13) ኢልና ኽንግምት ንኽእል። ጳውሎስ ብዛዕባ ማሕበር ሎዲቅያ ይጠቅስ (ቈሎሴ 2፡1 4፡13-16)። ቈሎሴ፡ ሄራጶሊስ፡ ሎዲቅያ ዚኣን ናይ ቀረባ ሓድሕድ እየን ነይረን። ማሕበር ሎዲቅያ ናእዳ ክርስቶስ ዘይረኸበ፡ ናቱ ኳሕኳሕ ምባል ዘይሰምዑ፡ ብናእዳ ገዛእ ርእሶም ዝጸገቡ እሞ፡ ብዓይኒ የሱስ ክርስቶስ ግና ዘደንግጹ እዮም ነይሮም (3፡16)።

### 2. መንነት የሱስ ክርስቶስ ንማሕበር ሎዲቅያ

ክርስቶስ ንሎዲቅያ ብኣርባዕተ መንነቱ ይኽሰተሎም፡ (1) እቲ ኣሜን እዩ፡ (2) እቲ እሙን ምስክር እዩ፡ (3) እቲ ሓቀኛ ምስክር እዩ፡ (4) እቲ መጀመርታ ፍጥረት ኣምላኽ እዩ።

#### 2.1. እቲ "ኣሜን" እዩ - ርግጽ መፈጸምታ።

*ኣሜን* ኣብ ኩሉ ቋንቋታት ዓለም ከይተተርጐመ ከምቲ ዘለዎ ተደጊሙ እንረኽቦ ቃል ናይ እብራይስጢ እዩ። ስለዚ የሱስ ክርስቶስ ንምሉእ ዓለም፡ ንነፍስወከፍ ሰብ ዝመጸ "መድሓኒ ዓለም" ድኣ እምበር ናይ ጕጅለ፡ ናይ ፍሉይ ዘበን ኣይኰነን። ወንጌሉን ሓቁን ንዲማ ድኣ እምበር መዋእሉ ዘሕለፍ ጊዚያዊ ወይ ድማ ብጊዜ ዝተደረተ ኣይኰነን።

*ኣሜን* ማለት እቲ እተሰምየ ሓቂ ሰሚረዮ ኣለኹ፡ ከምኡ ተፈጺሙ ክርኢ እደሊ የብቅዓኒ ድማ፡ የስምዕ። ከመይ ኢልና ንተኣማመን? ብየሱስ ክርስቶስ እውሓስ ዝበሃል ጭብጢ፡ ናይ መፍጸምታ ርግጽነት ኣለዎ።

ግናኸ እቲ *ኣሜን* ዝብሃሎ በረኸት የሱስ ክርስቶስ ኣብ ሎዲቅያ ኣየንጸባረቐን። ስለዚ ድማ እዩ እቲ ክርስትንኦም ኣይምዉቕ ኣይዝሑል፡ ኣንጕል ኰይኑ ዝተረፈ። ትእምርቲ ሎዲቅያ፡ የሱስ ክርስቶስን ኣሜናዊ ጸጋኡን ዘየለልዩ ማሕበርን ዘበንን እዮም።

#### 2.2. እሙን ምስክር እዩ - ልብኻ እተውድቐሉ።

ካልኣይ ሎዲቅያ ዝሰሓትዎ መንነት የሱስ ክርስቶስ ንሱ "እቲ እሙን ምስክር" ምኻኑ እዩ። እሙን ዘየግድዓካ፡ መሰረት ዝኾነካ፡ ክጸረካ

ዝኽእል፡ ዘይጠልመካ፡ ዘየጋግየካ፡ ኣብ ቃሉ ዝጸንዕ - ቃሉ ድማ ሓቂ እዩ፡ . . . የስምዕ። እሙን ምስክር እታ ሓቂ ብልክዓ፡ ከየጋነነ፡ ከይቋናጸበ፡ ኸይጉደለ ከይወሰኸ ብምልኣታ ዘበርክተልካ እዩ። ሎዲቅያ ግና ዝለበጠ ሓቂ፡ ኣጓጒል ዝኾነ ሓቂ፡ ኣጓጒል ክርስትና ምሓዝ ዝመረጹ እዮም ነይሮም።

## 2.3. ሓቀኛ ምስክር እዩ።

ብዛዕባ ኣምላኽን መንፈሳዊ ምስጢራትን እቲ ዘሎ ከም ዘለዎ መሊኡ ዝነገረና የሱስ ክርስቶስ እዩ።

## 2.4. እቲ መጀመርታ ፍጥረት ኣምላኽ እዩ።

በዛ ሓረግ እዚኣ ዝተሓላለፈልና ዘሎ መልእኽቲ፡ ከምቶም ሓደ ሓደ፡ ንምሳሌ፡ ሰዓብቲ ናይ የሆዋ መሰኻኽር ዝኣመሰሉ፡ የርሱስ ክርስቶስ ፍጡር ኢሎም ዝተጋገይዎ ከይንጋገ ብዛዕባ መንነቱ ምስቲ ምሉእ ሓዲስ ኪዳን ኣቋሪንና ክንርድኣ ናይ ግድን እዩ። ካልኣይ ኣብቲ በኹሪ ቋንቋ (ግሪኽ) እዛ ቃል እዚኣ እትህቦ ሓሳባት ክንምልከት ናይ ግድን እዩ።

ሓዲስ ኪዳን ዘበርክተልና መንነት ናይ የሱስ ክርስቶስ ንሱ ፈጣሪ ድኣ እምበር ፍጡር ከም ዘይኰነ፡ ዘለኣለማዊ ድኣ እምበር ጊዝያዊ ከም ዘይኰነ፡ ብትስብእቱ ስጋ እኳ ኣንተ ለበሰ፡ መለኮት ድኣ እምበር ሰብ ወይስ መልኣኽ ከም ዘይኰነ መሰረታዊ ትምህርቲ ሓዲስ እዩ። ስለዚ ፍጡር እዩ ዚብል ምርዳእ ንዮ ንበሎ።

እቲ መጀመርታ ኰይኑ ተተር ጒሙ ዘሎ ቃል ግሪኽ "ኣርኸ" እዩ። ቀዳማይ፡ መጀመርታ፡ ምንጪ፡ በኹሪ … ወዘተ፡ ኢልካ ድማ ኽትርጎም ይክኣል። ኣየናይ ትርጉም ከም እንህቦ በቲ ኣሰኻኽዕኡ ኣብቲ ዘረባ እዩ ዚውሰን። የሱስ ክርስቶስ ፈጣሪ ድኣ እምበር ፍጡር ስለ ዘይኰነ ድማ፡ እቲ ኣጠቓቕማኡ ኣብዚ፡ ንሱ ምንጪ፡ በኣሪ፡ መንቀሊ ናይ ኩሉ ፍጥረት፡ ፈጣሪ ምኳኑ ክንፈልጥ እዩ ዚምህረና ዘሎ።

እምብኣርከስ፡ ምፍላጥ መንነት የሱስ ክርስቶስ፡ ምርዳእና ንሱ መን ምኳኑ መሰረታዊ እዩ። እሞ መን ምኳኑ ርዱኣት ንኹን።

## 3. ነቐፌታ ክርስቶስ ንማሕበርን ምእመንን ሎዲቅያ፡ ጻውዒቱ ድማ ንኣታቶም ክንስሑ።

ምእመንን ማሕበርን ሎዲቂያ ብየሱስ ክርስቶስ ነቐፌታ ድኣ እምበር ሓንቲ ናእዳ እኳ ዘይተነግረሎም እዮም። ብሚዛን ገዛኣ ርእሶም እኳ፡ ናእዳ መሊእዎምሲ፡ "ሃብታምን ፈሳስን እየ፡ ሓንቲ ዝደልያ ነገር እኳ የብለይን" ብሃልቲ እዮም ነይሮም።

ብዛዕባ መንፈሳዊ ኵነታትና ዝንኣድ ወይ ኣበረኛ ምህላዉስ መን ይፍረዶ? ናይ ገዛእ ርእስና ወይስ ካልኦት ብዛዕባና ዝብሉዎ ሚዛን እኳ እንተ ኣለዎ፡ ወሳኒ ኣይኰነን። እቲ ወሳኒ፡ የሱስ ክርስቶስ ከምቲ ናይ ማሕበር ፊላደልፊያን ስሚርናን፡ ጽቡቕ ኣሎኻ ምስ ዝብለና፡ ጥራይ እዩ። ገዛእ ርእስና ኰነ ንማሕበርና በቲ ናቱ መለክዒ ጌርና ንርኣያ። መለክዒ ክርስቶስ ንሎዲቂያ ምስኡ ድማ ማዕዳኡ ንመልከት።

3.1. "ዝሑል ወይስ ምዉቕ ዘይምኳንካ፡ ግብርኻ እፈልጥ ኣሎኹ። ብኻ ዝሑል ወይስ ምዉቕ ምኾንካ። ከምዚ ልብጥ ዝበለ ብምኳንካ፡ ኣይምዉቕ ኣይዝሑል ኢኻ እሞ፡ ካብ ኣፈይ ጡፍ ክብለካ እየ" (ራእ 3፡15)።

ሀ. ኣጓጒል ክርስትያናት፡ ልብጥ ዝበልኩም ኢኹም።

ኣመንቲ ሎዲቅያ፡ ሰዓብቲ ክርስቶስ እዮም ከይብሃሉ፡ እቲ ህይወቶምን ግብርታቶምን ዘፍርሶ፡ ምስቲ ወንጌሉ ዘይሰማማዕ ኰይኑ። ኣመንቲ ክርስቶስ ኣይኰኑን ከይብሃል

ድማ ኣመንቲ ዘምስሎም ነገራት ኣባታቶም ትርኢ። ዓለማውያንን ክርስትያናትን ምኽኣን ኣቋሪኖም ክነብሩ ከም ዝኽእሉ ዝኣመኑን ዝፈተኑን እዮም። ሃይማኖት ክርስቶስ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብኻን ብኹሉ ነፍስኻን ብኹሉ ሓሳብካን ኣፍቅሮ" እዩ ዚብል። ሎዲቂያውያን ግና ብዘይ እዚኣ ክርስትያናት ክኾኑ ዝፈተኑ እዮም። ክኸውን ዘይኽእል እዩ!

ለ. ካብ ኣፈይ ጡፍ ክብለኩም እየ።

ልቡጥ ማይ፡ ምእንቲ ከምልሶ ንዕርግር ዝበሎ ሰብ እተስትዮ እዩ። ክርስትያን እየ ዝብል ግና ከምቲ ክርስቶስ ዝደልዮ ክርስትያን ምኻን ዝኣቢ ሰብ፡ ከም ንክርስቶስ ዕግርግር ዘምጽኣሉ፡ ኣምሰሉ፡ ክርስቶስ ዝተፍኦ ኣማኒ እዩ። ሎዲቅያዊ ሕማም እዩ።

3.2. እተደፍኖም ትምክሕተኛታት ኢኹም። (ራእ 3፡17)።

ንማሕበር ሎዲቅያ ይብሎም፡ “ሃብታምን ፈሳስን እየ፡ ሓንቲ ዝደልያ ነገር እኳ የብለይን ብምባልካ፡ ሕሱርን ዜደንግጽን ነዳይን ዕዉርን ዕሩቅን ምኻንካ ኣይትፈልጥን ኢኻ ዘሎኻ።”

ሽሻይ መሊእዎም፤ ሃብቲ ደሊቦም ነይሮም። ነዚ ኣምላኽ ከም ዝፈተወሎም፡ ከም ዝባረኾም ምልክት ገይሮም ወሲዶምዎ። ብሃብቶም፡ “ኣምላኽ ይባረኽ” እናበሉ ዝንየቱ ኰይኖም። ሽሻይ፡ ሃብቲ ወትሩ ምልክት ናይ በረኸት ኣምላኽ ገይሮም ዝወስድዎ ኣለዉ። ከም ናይ ሎዲቅያ፡ መርገም ዘለዎ ሃብቲ ድማ ኣሎ።

ስለዚ ድማ እዩ የሱስ ክርስቶስ ንማሕበር ሎዲቅያ፡ ሕሱር፡ ዜደንግጽ፡ ነዳይ፡ ዕዉር፡ ዕሩቅ ኢኻ ዝበሎም። ማሕበር ሎዲቅያ ድማ መንፈሳዊ ኵነታቶም ዘየለለዩ ኰይኖም። እቲ ብዘይ ኣምላኽ፡ ብዘይ በረኸት መንፈስ ቅዱስ፡ ብዘይ ሕብረት ክርስቶስ፡ ብዘይ ሕድገት ሓጢኣትን ተስፋ ዘለኣለም ህይወትን ምኻን ዜሰክሕ ምኻኑ ተሰዊርዎም።

3.3. ማዕዳ ንሎድቅያውያን (ራእ 3፡18)።

ሀ. <u>ሃብቲ ክርስቶስ ኣለልይዎ።</u>

ዝጸረየ ወርቂ ኻባይ ኽትዕድግ እመኽረካ ኣሎኹ" ይብሎም። ብሓዊ ዝጸረየ ወርቂ ምሳሌ ናይ ብሓቂ ጽሩይ ሃይማኖት ክርስትና እዩ። ሓጢኣቱ ዝረሓቐሉ፡ መንፈስ ቅዱስ ዝሓደሮ ሰብ ምኻን እዩ። ነዚ ሃብቲ እዚ ኣለልይዎ ኢሉ ይምዕዶም።

ለ. <u>ሃብቲ ክርስቶስ ጥሪትኩም ግበርዎ።</u>

ኣምላኽ፡ ኣምላኹ ዝኾነ ሰብ፡ ጸጋ ኣምላኽ ሽሻዩ ዝኾነ፡ ኣምላኽ ባህ ዝብለሉ ሰብ ምኻን፡ ሕብረት ምስ ኣምላኽ ዘለዎ ምኻን፡ እቲ ዝዓበየ ሃብቲ እዩ። ነዚ ኣለሊኹም ዝውሰድ ስጉምቲ፡ ዝስዋእ መስዋእቲ ጌርኩም ምረጽዎ። ጥሪትኩም ግበርዎ።

ሐ. <u>ግርማ ክርስቶስ ምረጽዎ።</u>

“ሕፍረት ዕርቃንካ ምእንቲ ከይቕላዕን ክትክደንን ከኣ ጻዕዳ ክዳውንቲ … ካባይ ክትዕድግ እመኽረካ ኣሎኹ፡" ይብሎም።

ከምቲ ጽቡቕን ጽሩይን ክዳን ግርማ ሰብ ዝኾነ፡ እቲ ምድሓን ክርስቶስ ዝለበሰ፡ ብሓቂ ካብ ላዕሊ እተወልደ፡ ሓጢኣቱ ይቕረ እተባህለሉ፡ ኣምላኽ ብመንፈስ ቅዱስ ወደይ ጓለይ ዝብሎ ሰብ ገለ እኳ ዘሕፍር ዘይብሉ ግርማ እተኸድነ እዩ።

ምስ ሓጢኣቱ ዝነብር ሰብ ግና ከም ብዕርቃን ሕፍረቱ ዝተራእየ፡ እተዋረደ ሰብ እዩ። ሓጢኣተኛ ኾንካ ምንባር ፈውሲ ከለዎ ከም ጥዕና ኣይደልን፡ ሕማም ይሕሸኒ፡ ክብረት ኣይደልን፡ ውርደት ይሕሸኒ፡ መንግስተ ሰማያት ኣይደልን፡ ገሃነም ይሕሸኒ ከም ማለት እዩ። ጻዕዳ ክዳውንቲ ናይ

ቅድስናኡ ምልባስ ኣቢኻ ነውሪ ምፍታው እዩ።

መ. ምስትውዓል ክርስቶስ ድለይዎን ርኸብዎን።

ኣብ ክንዲ እተደፍኖምሲ መስተውዓልቲ፡ ሓቂ ዘለልዩን ዝመርጹን ክኾኑ ብምስላ ገይሩ ይብሎም፡ "ምእንቲ ክትርኢ ነዒንትኻ ክትከሓለሉውን ኮሕሊ ካባይ ክትዕድግ እመኽረካ ኣሎኹ።" እዚ የፈራርሆም ወይ የገድዶም ኣይኮነን ዘሎ። ናታቶም ናይ ምሉእ ምርዳእን ናይ ፍታውን ምርጫ ኽገብሩ ግና የተባብዖም።

ማሕበር ሎዲቅያ ነዳያት ከለዉ ሃብታማት፡ ዕሩቓት ከለዉ ዘጌጹ፡ ዕዉራት ከለዉ ንርኢ ኣሎና በሃልቲ፡ እዮም ነይሮም። ክርስቶስ ዘየለሲ፡ ጸጋኡ ዘየለሲ ከም ኣብ ጸልማት እናነበረ ዘይፍለጦ ዕዉር እዩ።

ሰ. ስለምንታይ እዚ መግናሕትን መቕጻዕትን?

ዝጋገ ሰብ ሕማቕ፡ እናተጋገየ ዝብርጠዮ ድማ ዝኸፋኤን ቅጭ መምጽእን እዩ። ክርስቶስ ግና ብሎዲቂያ ከይቀበጸ ከም ዝገንሖም ንምልከት። "ኣነ ነቶም ዘፍቅሮም ዘበሉ እገንሖም እቐጽዖምን እየ። ደጊም ቅናእ እሞ ተነሳሕ።"

እሞ፡ እቲ ኣቀባብላና ከመይ ክኸውን እዩ? ከምቶም ብተግሳጽን ብመቕጻዕትን ተረቢሖም ዝዕረዩዶ ወይስ ብትሪ ጡፍ ዝበሃሉ? ናትና ምርጫ ዓቢ ወሳኒ ግደ ኣለዎ። ለባማት ንኹን።

ረ. ክንወስዶ እተምዓድናሉ ስጉምት ታትን በረኸቱን።

"እንሆ ኣብ ደገ ቤት ደው ኢለ ኳሕኳሕ ኤብል ኣሎኹ። ሓደ እኳ ድምጸይ ሰሚዑስ ማዕጾ እንተ ኽፈተለይ፡ ናብኡ ኽኣቱ ምስኡ ኽኣ ኽድረር እየ፡ ንሱውን ምሳይ።"

እቲ ኳሕኳሕ ምባሉ፡ ከም ዘይጠንጠነ፡ ደፊኡ ብሓይሊ ኣገዲዱ ከም ዘይኣቱ፡ ግናኸ ናትና ምርዳእን ፍታውን ምትሕብባርን ይጽበ ከም ዘሎ የመልክት። የሱስ ክርስቶስ መን ምዃኑ ኣለልዩ ሓንጐፋይ ክብሎ ንነፍሲ ወከፍና ይጽበ ኣሎ። ብዛዕባ እዚ ኣብነት ዝኾኑና ብዙሓት እዮም።

ከምኡ ምግባር በረኸት ኣለዎ። "ናብኡ ኽኣቱ ምስኡ ኽድረር እየ፡ ንሱውን ምሳይ፡" ኢሉ ይምስሎ። ናይ ብሓቂ ክርስትያን ምዃን ከም ኣብ ገዛኻ ሓንጐፋይ ኢልካ እተቐበልካዮ፡ ሽሻይካ ዝቐረብካሉ ጋሻ፡ ንሱ ድማ ዘይሓሰብካዮ ሽሻዩ ሒዙ ዝመጸካ ገይሩ ይምስሎ። ከምቲ ናይ ኣቦና ኣብርሃምን ካልኦት ከምኡን ናይ ዕርክነት ምስ ኣምላኽ ህይወት እዩ፡ ።

ጽውዓ የሱስ ክርስቶስ ነፍስወከፍ ኣማኒ ብኣርኣያ ክርስቶስ ሰዓሪ ንክኸውን እዩ። ከምቲ ኣነ ዝሰዓርኩ፡ ከምቲ ኣነ ምስ ኣቦይ ኣብ ዝፋኑ እተቐመጥኩ ይብል። ነቲ ዝስዕር ኣብ ዝፋነይ ምሳይ ኪቕመት ክህቦ እየ። የሱስ ክርስቶስ እንታይ እዩ ስዒሩ? እንታይከ እዩ ነቶም ናቱ ስዓርቲ ዘተስፍዎም ዘሎ? እንታዎትከ እዮም እቶም ናቱ ሰዓርቲ?

እዝኒ ዘላቶ ማለት፡ ዝሰምዕ፡ ዘቕልብ፡ ሰሚዑ ኣቕሊቡ ብእኡ ተመሪሑ ኣድላዪ መደባትን ስጉምትታት ዝወስድ እዩ።

እቲ መንፈስ ንማሕበራት ዚብለን ዘሎ ይስማዕ። ናይ ሰብ ዘረባ ጥራይ ኣይኮነን። መለኮታዊ ዘረባ፡ ናይ መንፈስ ቅዱስ ዘረባ ኣዩ’ ኣየ እንተ ነለልዮ! እንተ ንሰምዮ! (እብ1፡1-4)።

**ነዚ ትምህርቲ እዚ ዝምልከት ዝኾነ ይኹን፡ ንምውካስ ኣብ ቀዳማይ ገጽ ናይ Besserat.org ዘሎ ሓቤሬታ ተመልከቱ።**